ንእብነት:
- ሰለምንታይ ካብ ሃገርካ ክትወጽእ ኪኢልካ :
- እንታይ ኢጋጢሙካ እዩ ክሳብ እብዚ ዘብጸሓካ:
- ኩነታት ናይቲ ሃገር ከ ከመይ ገዲፍካዮ:
- እንተተመለስካ ከ እንታይ እዮም እቶም ዘስግኡኻ:
ነዚኦም ቡጉቡእ ክተብርሆም ክትክእል አለካ ምክንያቱ አህጉራዊ ዑቁባ ቀሊል ሰለ ዝይኮነ አብ ኩነታት ሃገርካ እዩ ዝምርኮስ::

ሰለምንታይ አብ ሃገርካ ክንክንን ሓለዋን ዘይረከብካ ?
አብዚ አጸቢቅካ ክትገልጾን ክትድህስሶን ዝግባእካ ነገር አሎ ንሱ ድማ ሰለምንታይ አብ ሃገርካ ሓለዋን ክንክንን ክትረክብ ዘይካአልካ ንእብነት ካብ ፖለስን ሰበስልጣን ሓለዋ ክትረክብ አይካልካን: እቲ ኮሚሽን ብዛዕባዚ ውን ክፈልጥ እደሊ እዩ::

እቲ ሕቶታት ናይቲ ኮሚሽነር እንተ ዘይተረዲኡካ ከደግመልካ ሕቶቶ : ኩሉ ዝተባህለ ናይ ምርዳእ መሰልካ ዝተሓለወ እዩ::

እቲ ቃል መጠይቅ ምስ ተዛዘመ ብመልክዕ ጸብጻብ ብጹሑፍ ክዋሃበካ እዩ: ቅድሚ ምፍራምካ ደጊምካ አጸቢቅካ አንቡቦ አብዚ ዝጎደለ ወይ ዘይበልካዮ ነጥቢ እንተረኪብካ መብሪሂ ክትሓትትን ክተጉድልን ክትዉስክን መሰልካ እዩ::



ቃል መጠይቅ ዝገብረልካ ሰብ :ሓደ አባል ኮሚሽን ኮይኑ:
ንኩሎም ምክንያት ስደትካ ዝኮኑ ሽግራት ብጉቡእ ካባካ ይስምዕ:
አቶርጓሚ: ብቛንቛካ ወይ ብእትርድኦ ቛንቛ ምስ ካልኦት ንክትዛረብ ዝሕግዝ ሰብ እዩ:
አብ ግዜ ቃል መጠይቅ: አገዳስነት እንተለዎ ባዓል ምያ ወይ ዝምልኮቶ አካል ክስተፍ ይክእል እዩ:
ዉሳኔ አብ ምሃብ ግንግደ የቡሉን::

## እቲ ኮሚሽን ዘባዊ ስልጣን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ከመይ ይህብ?

ኮሚሽን ዝህቦ ዉሳኔ: ዝተፋላለየ ደረጃታት ናይ አህጉራዊ ዑቁባ ኮይኑ አብቲ ዘቅረብካዮ ምክንያት ሕቶ ዑቁባ ዘለዎ ክብደት እዩ ዝምርኮስ::

ኮሚሽን ዘቅረብካዮ ሕቶ ቡቁዕን ዘዕግብን ኮይኑ እንተዘይ ረኪብዎ ምሉእ ብምሉእ ክነጽጎ ይክእል እዩ:: እንተተነጺግካ አይትሸገር ምስ አላይካ: ናይ ሕጊ ሰራሕተኛ ብሓንሳብ ብምርአይ አንጻር እቲ ዉሳኔ ኣብ ቤት ፍርዲ እግባይ ክትብል ትክእል ኢካ::
አብ ኩሉ ንዓካ ዝምልከት ውሳኔታት : ብቋንቋካ ተጠቂምካ ምስታፍን ሓበሬታ ምርካብን መሰል አሎካ::

## 4. ሓገዝን መወከስን:

አብዚ ቦታ መሰላትካ ብዘይ ምክባሮም ዝስማዓካ ጉዳይ እንተሎ ብዘይ ፍርሒ ምስ ሰራሕተኛ ናይዚ ማእከል ወይ ውን ምስ ከም አላይካ እትሓስቦ ዓቢ ሰብ ክትዛረብ ትክእል ኢካ::

**SAVE THE CHILDREN**
**ድሕነት ህጻናት ናይ ጥልያን ፣ ዑቁባ ንትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት - +39 392 9814506**

ቁጽሪ ስልኪ ናይ አላይካ አብዚ ጻሓፍ:______________________
ቁጽሪ ስልኪ ናይ ዓቅሚ አዳም ዝበጽሐ ሰብ ከም መወከሲ ዝገልግለካ አብዚ ጻሓፍ:
______________________

UNHCR
The UN Refugee Agency

This project has been funded with support from the European Commission. This publication reflects the views only of the author, and the European Commission cannot be held responsible for any use which may be made of the information contained therein.

TI

MINISTERO DELL'INTERNO

Co-funded by the European Union

መምርሒ ንእለይቲ ዘይብሎም አህጉራዊ ዑቁባ ዝሓቱ ትሕቲ ዕድመ አብ ኢጣልያ:

# አህጉራዊ ዕቁባ እንታይ ማለት እዩ ንእለይቲ ዘይብሎም ወጻእተኛታት ትሕቲ ዕድመ ከ ከመይ ይሰርሕ ?

## 1. እዚ መምርሒ ጹሑፍ ዚ እንታይ ይገልጽ?

**እዚ መምርሒ እዚ ንእለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት ዝምልከት ፍሉይን አገዳስን ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ: ንሱ ድማ ንመስርሕን ኢጋባብን ዑቁባ ምሕታት ዝምልከት ኮይኑ:**
**ሕቶ ምቅራብ ንአህጉራዊ ዑቁባ እዩ::**

**እዚ ዑቁባ ዚ ንኩሎም ትሕቲ ዕድመ አብ ኢጣልያ ዝምልከት አይኮነን ምክንያቱ ኩሎም ትሕቲ ዕድመ ምኺኖም ጥራይ መሰል ዑቁባን ክንክንን አለዎም: እዚ ማለት ግን ትሕቲ ዕድመ ኮይኑ አብ ትውልዲ ሃገሩ ንምምላስ ስግአት ክስዕበሉ ዝክእሉ ኩነታት እንተሊዩ ምስ ዝተመደበሉ አላይ ብምምኽኻር ምርድዳእን አብ ገዛእ ድሌቱ መሩኩስ ብምግባር አህጉራዊ ዑቁባ ክሓትት ይክእል እዩ::**
**አብ ኢጣልያ ከም ወላዲ ኮይኑ ክአልየካ/ኪ ዝክእል ሰብ ምርካብ መስል አሎ: እዚ ማለት ሓደ ዓቅሚ አዳም ዝበጽሐ ሰብ ኮይኑ አብ ኢጣልያ ኩሎም ንህላወካ ዝምልከቱ ጉዳያት አብ ምስላጥ ክስንየካን ክሕግዘካ እዩ።**
**ክሕጉዙካ ዝክእሉ አገደስቲ ባእታታት መን እዮም?**

አብ ኢጣልያ አብ ትጸንሓሉ እዋን ዕድሜኻ ክሳብ 18 ዓመት ዝአክል አብ ኩሎም ዝድሉዩካ ጉዳያት ንምስላጥ ዝሕግዘካ ሰብ አሎ እዚ ድማ ወለድካ ምሳካ አብዘይቡሉ እዋን ዝምደበልካ ዓቅሚ አዳም ዝበጽሐ ሰብ ኮይኑ አላይ ወይ አሰናይ ይብሃል::

እዚ ሰብ ዚ ንኩሎም ዝድሉይካ ነገራት ማለት ን ዕቁባ ዝምልከት: ምስ ካልኦት ትካላትን አገደስቲ ሰባትን ንምርካብን ምዝርራብን ንመስርሕ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ንምፍላጥን አብ እትድልየሉ እዋን ዘድሊ ሓገዝት ክግብረልካ እዩ::

አብ ኢጣልያ ንኩሎም ዝድልዩካ ጉዳያት ንምስላጥ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሕግዘካ ምርካብ መሰል አሎካ::



አብ ኢጣልያ ምስ አተካ ብግዜውነት እትጸንሓሉ ማእከል አሎ ነዚ ማእከል ዚ ንምምሕዳር ሕጋዊ ውክልና ዘለዎ ሰብ ድማ አሎ: እዚ ሰብ ዚ ንኩሉ ንጥፈታት ናይቲ ማእከል ይመርሕን የዋሃህድን ማለት ንሰራሕተኛታት ናይቲ ማእከልን ነቶም ከማካ ዘአመሰሉ ትሕቲ ዕድመ አብቲ ማእከል ዘለዉ ይካናኸንን ይናብን እዚ ስራሕ ዚ ድማ ክሳብ ሕጋዊ አላይ ዝግበረልካ ይቅጽል::

## 2. አህጉራዊ ዑቁባ ምሕታት እንታይ ማለት እዩ?

አብ ትዉልዲ ሃገርካ እንተተመሊስካ ብዝኮነ ምክንያት ንሂወትካ ስግአት ዝኮኑ ጉዳያት እንተለዉካ አብ ኢጣልያ ዑቁባ ምሕታት መሰል አሎካ::

አብቲ ትነብረሉ ዘለካ ማእከል ዝርካቡ አገደስቲ ሰባት መን እዮም?

አብዚ ማእከልዚ ዝተፋላለዩ ሰብ ሞያ:ማለት ሕጋዊ ምክሪ ንምርካብ: ጥዕናዊ ሓገዛት ዝህቡ ሓካይም ምርካብ: ከምኡ ዉን ሞራላውን ስነ አምራውን ኪኢላታት ምርካብ አብ ድሌትካ ዝተመርኮሰ ምስናይን ምሕብሓብን ክግበሩልካ እዮም::

አብቲ ማእከል ከም አተርጓሚ ኮይኑ ዝሰርሕ ሰብ አሎ: እዚ ሰብዚ ምሳካ ብቛንቛ ኣዴካ ክዛራረብ ይክእል እዩ: አብ ሞንጎካን ካልኦት አገደስቲ ሰባትን ርክብ ንምግባር ዝሰርሕ ሰብ እዩ::
አብ ገለ እዋን አላይካ ውን ንአገደስቲ ሕቶታካ ንምምላስ ምሳካ ብምርድዳእ ዕላዊ አፍኛ ናትካ ክከውን ይክእል እዩ::

አብ ትዉልዲ ሃገርካ እንተተመሊስካ ንሂወትካ ዘሰግእ ኩነታት ኪጋጥመኒ ይክእል እዩ ትብል እንተኮንካ አብቲ ዘለካዮ ቦታ ምስ ዝርከቡ ዝምልኮቶም አካላት ናይ ሕጋዊ ሓበሬታ ብምዝርራብ አህጉራዊ ዑቁባ ንምሕታት እንታይ ከም ዝግበር ኡኩል ሓበሬታ ክትረክብ ኢካ: ቅድሚ ናይ ዑቁባ ምሕታት ምዉሳንካ ምስአቶም ብምዝርራብ ቡዙሕ ጠቃሚ ሓበሬታ ክትረክብ ትክእል ኢካ::

ብምኽንያት ሓደ ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ነጥብታት ንሃገርካ ክትምለስ ትፈርህ እንተኮይንካ ኣህጉራዊ ዑቁባ ክትሓትት ትክእል ኢካ::

## ተገዲድካ ኣንጻር ድሌትካ ምስራሕ ፍርሒ:

- ምኽንያት ናይ ምቅታል ትክእሎ:
- ምኽንያት ናይ ዕጡቃት ጉጅለታት ዓመጽን ጉዱድ ዕስክርናን ፍርሒ :
- ምኽንያት ናይ ከቢድ ስቓይ ትክእሎ:
- ምኽንያት ናይ ግዴታዊ ጾታዊ ርክባት ፍርሒ :
- ምኽንያት ናይ ዓመጻዊ ምፍልላይ ካብ ስድራ ቤት :
- ምኽንያት ናይ ጉዱድ መርዓ ፍርሒ:
- ምኽንያት ናይ ዓመጻዊ ምግሳስ ፍርሒ
- ምኽንያት ናይ ጾታዊ ስሚዒት ንምድካም ዝግበር ጸቅጢ ፍርሒ:
- ምኽንያት ናይ ጊላነትን ግዴታዊ ስራሓትን ፍርሒ
- ከምቲ ክትኮኖ ዝግባእካን ዝሳማማዓካን ኩነት, ምኽንያት ናይ ዓመጽን ዓሌታዊ ኣድልዎን ፍርሒ :

እዚ ጹሑፍ ዚ ኣጸቢቅካ ኣንብቦ ክትርድኦ ውን ፍትን ንጉዳይካ ዝሳማማዕ እንተኮይኑ ምስ ኣላይካ ብሓደ ኮይንኩም ውን ኣንብቦ እሞ ወሰኑ:: ነዚ ክተንብብ ኮሎካ ኣብቲ ዛሓለፍ ሕማቅ ግዜ ማለት እቲ ዝጋጥመካ ዝነበረ ግፍዕታት ተዘኩሮታት ክመልሰካ እዩ ሒማቅ ካአ ክስማዓካ እዩ:

እንተኮነ ግን ጸገም የቡሉን ምስቶም ኣብቲ ቦታ ዘለዉሰራሕተኛታት ተራኪብካ ሓገዝ ክትረክብ ትክእል ኢካ ከምኡ ውን ምስ ኪኢላታት ናይ ስነ ኣእምሮ ሓካይም ክስምዑካን ክሕጉዙካን ይክእሉ እዮም::
ሕጂ ዘለካዮ ቦታ ዉሑስን ሰላምን እዩ ስለዚ ቅሳነት ክስማዓካ ኣለዎ: ዕርፍቲ ዉሰድ: ኣይትጨነቅ : እቲ ዘለካ ግዜ ተጠቀመሉ ኩሉ ዘድልየካ ነገራት ኣዳሉ ሞራላውን ኣካላውን ዓቅምካ ዳግማይ ኣሕድሶ: እዚ ኩነት ዚ ቀሊልን ባህርያውን እዩ::

- ዝያዳ ሓገዛትን ምኽሪን ንምርካብ ንዓቅሚ ኣዳም ዛአከሉ ትእምናም ኣብ ዚ ማእከል ዝርካቡ ሰባት ብፍላይ ሰራሕተኛታት: ስነ ኣእምሮ ሓኪም: ፍሉይ ኣላይካ: መማህራን ከምኡ ውን ምስ እትእምኖም ሰባት ተራኪብካ ተዛረረብ ::
- ክትዛረብ ዘጸግመካ እንትኮይኑ ኩሉ ዝስማዓካ ብጹሑፍ ክተቅርቦ ትክእል ኢካ ::
- ብዝተካእለ መጠን ኑጡፍ ክትከውን ፍትን : ቋንቋ ጣልያን ክትማሃር ፍትን ምስ ካልኦት ተራኪብካ ኣዕልል ሓሳብት ተቃያየር እዚ ካአ ካብቲ ዘለካ ጭንቀት ክናግፈካ ይክእል እዩ::

## 3. ኣህጉራዊ ዑቁባ ንምሕታት እንታይ ክገብር ኣሎኒ ?

ምስ ኣላይካ ብሓደ ኮይንኩም ንዓካ ዝጠቅም ዝበልኩሞ ዉሳኔ ድሕሪ ምውሳድኩም ዝተርፈካ ነገር እንተሎ ሕቶ ዑቁባ ምቅራብ እዩ:: ብናይ ሕቶ ዑቁባ ምቅራብ ኣይትጨነቅ ንዚ ጉዳይ ዚ ዝምልከት ኣብ ኩሉ መዳያቱ ዝሕግዙካ ናይ ሕጊ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ተሓጋገዝትን ኣለዉ:: ኣብ ሓቅነት ዝተሞርከሰ ሓበሬታ ክትህብ ንፅድመካ።

### ናይ ኣህጉራዊ ዑቁባ ሕቶ ናብ መን የቅርቦ?

ሕቶ ዑቁባ ናብ ከባቢካ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ይቀርብ: ኣብዚ ቀሪብካ ሓድ ቅጺ ትመልእ በዚ ኣቢሉ ካአ ሕቶካ ሕጋዊ ኣጋባብ ይሕዝ:: እቲ ዝመላእካዮ ቅጺ ች 3 (C3) ይባሃል: እዚ ቅጺ ዚ ኩሉ ንዓካ ዝምልከት መን ምዃንካ ዝሕበር ዝርዝር ይጣቃልል: ምኽንያት ዑቁባ መሕተቲካን ካልእን የጣቃልል: ከምኡ ውን ኣብ ኢድካ ዘለዉ ሰነዳትን ብጹሑፍ ክትቅርቦም እትድሊ ናይ ዉልቅካ ታሪክን ዉን ኣካል ናይ ዚ እዮም::



*ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓሊስ ንጕዳያት ስደተኛታት ኣላይ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ዝካታተል ኣካል ኣሎ: እዚ ኣካል ዚ ንምምሕዳራዊ ጉዳያት ዝምልከቱ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ድሕሪ ምድላዉ: ነቲ ስደተኛ ትሕቲ ዕድመ ዝምልከት መለለይ ሓበሬታ የምላእ: ነዚ ተከቲሉ ድማ ናይ መንበሪ ፍቃድ ይህብ: እዚ መንበሪ ፍቃድ ዚ ኣብ ዝወደቀሉ ክሕደስ ይካአል እዩ::*

ች 3 (C3) ንምምላእ ኣብ እትንቃሳቀሰሉ እዋን ሓደ ዓቅሚ ኣዳም ዝአከለ ሰብ ክሕግዘካን ክሰንየካ እዩ: ከምኡ ዉን ቤት ጽሕፈት ፓሊስ ዘዳለዎ ቛንቛካ ዝዛረብ ኣቶሩጓሚ ክትረክብ ኢካ: ዕድሜካ ካብ 14 ዓመት ንላዕሊ እንተኮይኑ ኣሰር ኣጻብዕቲ ክወስዱልካ እዮም::

### ናብ ካልእ ሃገራት ኤውሮጳ ስድራ ቤት ኣለዉካ ድዮም?



ብመሰረት ሕጊ ዱቡሊን ምስ ስድራ ቤትካ ብሕጋውን ዉሑስን ዝኮነ መንገዲ ምትእክካብ ኣሎ: እዚ ክትገብር እንተደሊካ ምስ ኣላይካን ናይ ሕጊ ሰራሕተኛታትን ብምዝርራብ ንዓካ ዝምልከት ነገር ምፍላጥ ይካአል እዩ: ማለት እቲ ብሕጊ ዱብሊን 2ይ ዝፍለጥ ዋላ ኣብ ኢጣልያ ዑቁባ ዝሓተተን ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰር ዝገደፈን ናብ ካልእ ሃገራት ኤዉሮጳ ምስ ዘለዉ ስድራ ቤቱ ብሕጋዊ መንገዲ ምትእክካብ የፍቅድ እዩ::

## ሕቶ ኣህጉራዊ ዑቁባ ከመይ ይካየድ?

ሕቶ ናይ ዑቁባ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ (Questura) ምስ ቀረበ ብመስርሕ ናብ ጉዳይ ዑቁባ እትምርምር ሽማግለ ይበጽሕ: ኣብዚ ናትካ ኣበርክቶ ውን ወሳኒ እዩ:
ማለት ነዚ ንምግባር ናብ ኣላይካ ወይ ናይቲ ዘለካዮ ቦታ ሰራሕተኛታት መላእከቲ ክስደድ እዩ ክንደይ ግዜ ክትጽበ ምዃንካ ክትፈልጥ ኢካ::
ንናይ ኣህጉራዊ ዑቁባ መስርሕ ኣፍልጦ ዝህብ ሓጋዚ ነገራት ንምቅራብ ምስ ኣላይካን ኣብቲ ዘለካዮ ማእከል ዝሰርሑ ሰባት ብምዝርራብ ንሓፈሻዊ ጉዳይካ ዝምልከት ኣቀዲምካ ዘየቅረብካ እንተኮንካ ሕጂ ኣቅርቦ: እዚ ድማ ነቲ ኮሚሽን ጹፉፍ ስራሕ ንክገብር ክሕግዞ እዩ:: ነዚ ንምግባር እንተደሊካ ብ ኣላይካን ወይ ብጠበቓካን ሓገዝ ንምሕታት ኣይትሰከፍ::

**ኮሚሽን ዘባዊ ስልጣን መን እዩ:**
እዚ ኣካል ዚ በአርባዕተ ኣባላት ዝቆመ ኮይኑ: ንናይ ኣህጉራዊ ዑቁባ ሕቶ ዉሳኔ ዝህብ ብዓል ስልጣን እዩ: እዚ ማለት እዞም ኣርባዕተ ኮሚሽነራት ብሓባር ውሳኔ ይህቡ:
እቲ ቃል መጠየቃት ግን ብሓደ ኮሚሽነር ክስማዕ ይካአል እዩ: ኣብዚ ጉዳይካ ብቑም 4 ኣባላት ኮሚሽን ክስማዕ እንተደሊካ ምስ ኣላይካ ብምዝራብ ክግበር ይካአል እዩ::

***በዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ መስርሕ ምስ ሓለፍካ ጉዳይካ ናብ ቀጻልነትካ ኣብ ኢጣልያ ዝዉስን ሽማግለ ይቀርብ ኢታ ሽማግል ጉዳይካ ቡጉቡእ ትስምዕ ማለት:***
***ሰለምንታይ ካብ ሃገርካ ክትሰደድ ኪኢልካ: ናብ ሃገርካ እንተተመሊስካ ከ እንታይ ኪጋጥመካ ይክእል ዝብል ሕቶታት ኣልዒሉ ብዝርዝርን ብሰፊሕን ካባካ ይሰምዕ:: ዓል ኣንስተይቲ ብምዃንኪ ሳዕቤን (ሓደጋ) ክመጸኒ እዩ ምስ እትብሊ ንዝምልከቶም ኣካላት ኣብ ምሕባር ድሕር ኣይትበሊ።***

ኣብ ግዜ ቃል መጠየቅ ብቛንቛ ካ ወይ በቲ ዝመረጽካዮ ቛንቛ ክሕግዘካ ዝክእል ኣቶሩጓሚ ኣሎ: እዚ ሰብ ዚ ኣባል ኮሚሽን ኣይኮነን: ኣብ ዝዋሃብ ዉሳኔ ግደ ይኩን ጽልዋ የቡሉን ሰሩሑ ነቲ ዝበልካዮ ቃል ብልክዕ ዝትርጉም እዩ::

እቲ ቃል መጠይቅ ኣብ ዝካየደሉ እዋን : እቲ ኮሚሽነር ንኩነታትካ ብጉቡእ ንምፍላጥ ኣቡኡ መሰረት ብምግባር ኣብ ዉሳኔ ንምብጻሕ ዝሕግዞ ጭቡጥ ሓበሬታ ንምርካብ ገል ሕቶታት ክቕርበልካ እዩ: ማለት ካብ ሃገርካ ዘዉጻእካ ምኽንያት: እንተ ተመለስካ ከ ስግኣት ዝኮነካ እንታይ እዩ::
እቲ ኣገባብ ናይቲ ሕቶ ንዓካ ንምድሃል ዘይኮነስ ንዓካ ሽግርካ ፍሊጡ ዝሓሸ ዉሳኔ ምሃብ እዩ ሰለዚ ብትሕትና ዝመልእ ኣገባብ እዩ ዝቀርበልካ::
ኣብ እዋን ቃል መጠይቅ ኣላይካ ክሰንየካ እዩ: ከም ተወሳኺ ጓል ኣንስተይቲ እንተኮይንኪ ብከማኺ ጓል ቃል መጠየቅ ንኽግበረልኪ ሕቶ ከተቅርቢ ትኽእሊ ኢኺ።
ዕርፍቲ እንተደሊካ ዉን ክዋሃበካ እዩ: እዚ ዕለት ዚ ንዓካ ኣገዳሲ እዩ : ሰለዚ ነቲ ኮሚሽን ቁኑዕን ኮሉ እትዝክሮን ሓበሬታ ብዝርዝር ክተቅርብ ኣሎካ: ኣብ ግዜ ቃል መጠይቅ ኣገዳሲ እንተኮይኑ ተወስኪቲ ንዓካ ዝሕግዙ ሰባት ማለት ከም ናይ ሕጊ ባዓል ሞያ: ስነ ኣምራዊ ሕክምና ኪኢላ ምሳካ ንክህሉዉ ይካአል እዩ ነዚ ዝምልከት ጉዳይ ን ኣላይካ ሓብር።